ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 128/2017

ሕጋጋት ቀረጽ ቴምብር

ዓንቀጽ 1 ዘውጽኦ በዓል መዚ

እዚ ሕጋጋት'ዚ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 12 ናይ ኣዋጅ ቀረጽ ቴምብር ቁጽሪ 180/2017 (ስዒቡ "ኣዋጅ" ተባሂሉ ዝጥቀስ) ንሚኒስተር ፋይናንስ ብዝተዋህቦ ስልጣን ዝወጸ ሕጋጋት እዩ።

ዓንቀጽ 2 ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ሕጋጋት'ዚ "ሕጋጋት ቀረጽ ቴምብር ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 128/2017" ተባሂሉ ክጥቀስ ይክኣል።

ዓንቀጽ 3 ኣመዳድባ መሸጣ ዋጋ ተለጠፍቲ ቴምብር

ተለጠፍቲ ቴምብራት ኣመዳድባ መሸጣ ዋጋኦም ናይ ናቕፋ 0.50 (ሓምሳ ሳንቲም)፣ 1.00 (ሓደ)፣ 2.00 (ክልተ) 3.00 (ሰለስተ)፣ 5.00 (ሓሙሽተ)፣ ከምኡውን 10.00 (ዓሰርተ) ይኸውን።

ዓንቀጽ 4 ዘይተጠቕሱ ሰነዳት

ዝኾነ ኣብ ዓንቀጽ 4 ናይቲ ኣዋጅ ብንጹር ዘይተጠቕሰ ውዕል፣ ስምምዕ ወይ ማሕበራቱ ናቕፋ 20.00 (ዕስራ) ቀረጽ ቴምብር ይኸፈሎ።

ዓንቀጽ 5 ምምሕልላፍ ዋንትን ምቕያር ኣቃውማ ዋኒን ትካላትን

1. ምምሕልላፍ ዋንኡት ንብረት ብውርሻ፣ ለበዋ፣ ህያብ፣ መሸጣን ወይ'ውን ዝኾነ ካልእ ኣገባብ የጠቓልል።

2. እቲ ዝመሓላለፍ ዋንኡት ንብረት ካብ ሰብኣይ ናብ ሰበይቱ ወይ ካብ ሰበይቲ ናብ ሰብኣያ ምስ ዝኸውን'ን ሓቅኩቱ ብቤት ፍርዲ ምስ ዝረጋገጽን እቲ ዝኸፈል ቀረጽ ቴምብር ብመጠን ፍርቂ ዋጋ ግምት ናይቲ ንብረት ይኸውን።

3. ሓደ ዓይነት ንግዳዊ ማሕበር ናብ ካልእ ማሕበር ኣቃውማኡ እንተቐየረ ቀረጽ ቴምብር ኣይክፈሎን። ኮይኑ ግን ሓደስቲ ኣባላት ማሕበር ብምንጻር ዋጋ ንዋታዊ ወፈያኦም ቀረጽ ቴምብር ይኸፍሉ።

ዓንቀጽ 6 ክፍሊት ቅጥዕታት

ኣፍሲ.ወከፍ ቅዳሕ ቅጥዒ፣ ቅዲ ሰራሕተኛታት ግብሪ፣ ግብሪ ኤክሳይዝን መረጋገጺ ምስክራትን ናቕፋ 5 (ሓሙሽተ) ቀረጽ ቴምብር ይኽፈሎም።

ዓንቀጽ 7 ኮሚቴ ሸያጥ

ኣብ ሞንጎ ንብረት ዘመሓላልፍን ዝመሓላለፈሉን ሰብ ዝተሰማምዕሉ ዋጋ ንብረት ብክፍሊ.ኣታዊ.ወሽጢ.ሃገር ቅቡል ምስ ዘይኸውን፣ ብሚኒስተር ብዝቖሞምን ኣቦ/ኣደ መንበርን ተወሰኽቲ ኣባላትን ዘለውዎ ኮሚቴ ዋጋኡ ይውስኖ።

ዓንቀጽ 8 ቅብሊታትን ማሕተማትን

1. ዝኸፈል ቀረጽ ቴምብር ናቕፋ 50 (ሓምሳ)ን ልዕሊኡን ምስ ዝኸውን ወይ ዓይነትን ባህርን ናይቲ ሰነድ ምስ ዝጠልብ፣ ብቕብሊት ጥራይ ይፍጸም።

2. ንህዝቢ ምርኢት ኣብ ዝዋለሉ ቦታታት መእተዊ ቲከት ምስ ዝድለ፣ ክፍሊ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር መሕተሚ ፍቓድ ይህብን ድሕሪ ሕትመት ቲከታት ድማ ግቡእ ቀረጽ ቴምብር ምኽፋሉ ኣረጋጊጹ ደረቕ ማሕተም ይገብረሉ።

ዓንቀጽ 9 ተቖጻጸርቲ

ክፍሊ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር፣ ከፈልቲ ግብሪ ኣብ ሰነዳት ትኽክለኛ ቀረጽ ቴምብራት ከምኡውን ቴምብር ዝተለጠፎም ዝሕተሙ ወረቓቕቲ ምልጣፎምን ዘይምልጣፎምን ንምርግጋጽ ኣብቲ ንግዲ ዘካይዱሉ ቦታ ተቖጻጸርቲ ክልእኽ ይኽእል።

ዓንቀጽ 10 ምቕራብ ቴምብራትን ቴምብር ዝተለጠፎም ዝሕተሙ ወረቓቕትን

ክፍሊ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር፣ ቴምብር ወይ ቴምብር ዝሕተሙ ዝተለጠፎም ወረቓቕቲ የቕርብ ወይ ይሸይጥ።

ዓንቀጽ 11 ምምዛዘን ምውሳን ዓስቢን

1. ክፍሊ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር፣ ቴምብር ወይ ቴምብር ዝተለጠፎም ዝሕተሙ ወረቓቕቲ ዝሸጡ ሰባት ይመዝዘን ክፍሊት ዓስቦም ይውስንን ከምኡውን ንዓስቢ ዝሀቡዎ ኣገልግሎት 10% (ዓሰርተ ሚእታዊት) ካብ መሸጢ ዋግኦም ኣጉዱሉ ይቕርበሎም።

2. ቴምብራት ወይ ቴምብር ዝተለጠፎም ወረቓቕቲ ክሸጡ ዝደልዩ ሰባት ብክፍሊ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር ተዳልዩ ኣብ ዝዕደል ቅጥዒ ምልክታ የቕርቡ።

3. ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (2) ናይዚ ዓንቀጽ'ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ቅጥዒ ምልክታ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ናቕፋ 20.00 (ዕስራ) እናተኸፈለሉ ይዕደል።

ዓንቀጽ 12 ግዴታታት ዝተማዝዙ ሰባት

ቴምብር ወይ ቴምብር ዝተለጠፎ ዝሕተሙ ወረቐት ክሸጡ ዝተማዝዙ ሰባት፦

1. ኣብ መሸጦት ወይ ኣብ ካልእ ዝርአ ቦታ ናይ ደኳኖም "ሸያጢ ቴምብር" ዝብል ጽሑፍ ይልጥፉ፤

2. ቴምብር ወይ ቴምብር ዝተለጠፎ ወረቓቕቲ ካብ ክፍሊ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር ጥራይ ይዕድጉ፣ ከምኡውን

3. ኣብዚ ሕጋጋት'ዚ ዝተዘርዘሩ ኩሎም ዓይነት ቴምብርን ቴምብር ዝተለጠፎም ወረቓቕትን ኣብ መኽዘን ይሕዙ።

ዓንቀጽ 13 ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ ሕጋጋት'ዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ 13 መጋቢት 2017፣

ብርሃነ ሃብተማርያም
ሚኒስተር ፋይናንስ

ስናዝሬት በየን

ኣባላት ሃማደኤ ዞባ ማእከል ንተመሃሮ ኣተባብዐን

ኣባላት ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ከባቢ ዓዲ-ሃሎ ሞያዊ ስልጠና ንዝቐስሙ ዘለዉ ተመሃሮ ኣተባብዖም።

ኣቦ'ቲ ናይ ምትሕብባር ምዝንጋዕ መደብ፡ ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወይዘሮ ኣለም በላይ ዕላማ ናይ'ቲ ዑደት ድሕሪ ምብራህ፡ እቶም ተመሃሮ ዝቐሰምዎ ዘለዉ ስልጠናታት መሰረት መጻኢኦም ስለዝኾነ፡ ብዝተገዳስነት ክከታተልዎን ተወዳደርቲ ንምዃን ክጽዕሩን ትጽቢት ከም ዘሎዎም ገሊጸን።

እተን ኣባላት ሃማደኤ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ ንጥፈታት እውን ተዛዊረን። ኣብ መንጎ ጉዳይም ደቂ-ኣንስትዮ ተጋደልትን መንእሰያት ተመሃሮን ድማ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ተኻዪዱ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊት እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቊ.ስ 116266/201820(2220)
ም/ዋና ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቊ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
በይሉል ገ/ሚካኤል
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሰማያዊት ሓይለኣብ

ጽርግያ ኳዓቲት - ዓዲ-ኸረን ይጽገን ኣሎ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ኸረን - ንኡስ ዞባ ጸሮና፡ ገዘቦምን ጉልበቶምን ብምውሃድ ካብ ኳዓቲት ብዑና-ዓንዶም ሓሊፉ ናብ ዓዶም ዝኣቱ 10 ኪሎሜተር ጽርግያ ይጽግኑ ኣለዉ።

ኣመሓዳሪት'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ወይዘሮ ጺጋ የዕብዮ ንኤሪና ኣብ ዝሃብኦ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ ዘይጥጡሕ ጽርግያ፡ ነበሰጾራት፡ ሓረሳትን ወጽዓትን ናብ ትካል ጥዕና ኳዓቲት ንምብጻሕ ጸገማት ከም ዘጋጥሞም ብምጥቃስ፡ ዝ. ሽግር'ዚ ንምቕላል፡ ህዝቢ ብዝገበሮ ካብ 17 ለካቲት ጀሚሩ ብምሽራፋት እናተሓገዘ የሰላስሎ ከምዘሎ ገሊጸ።

እቲ ዝተጸገነ ብውሕጅ ከይብሕገግ ኣብ ወሰናቱ ማስመር ውሕጅ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ዝጠቐሰት ወይዘሮ ጺጋ፡ ደገፍ ዝምልከቶም ኣካላት ከይፍለዮም ኣዘኻኺራ።

ለሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
12፡00	ካርቱን
12፡30	ዜና ትግርኛ
12፡55	ጉዳይ ኣብ ዘተ
13፡30	ዜና ዓረብ
13፡40	ዘተ ስፖርት
14፡20	N/GEOGRAPHIC
15፡20	ቴሪብ
16፡05	ፓኖራማ
16፡40	መደብ ደቢብ
17፡15	ዝሕረት ደዋን= 7ይ ክፋል
17፡50	ናትራን
20፡00	ዜና ትግረ
20፡10	ዕላል ጥበባት
21፡00	ዜና ትግርኛ
21፡25	ምኽሪ ሞያውያን (ብቐጥታ)
22፡00	ዜና ዓረብ
22፡10	tec insight
22፡30	ዜና እንግሊዝ
22፡40	FILM